# ኢዮብ 14

7 ኦምሲ ተስፋ ኣለዎ፡ እንተ ተቈርጸ እኳ መሊሱ ይጥጥዕ፡ ውልዶታቱ ኸኣ ኣይውዳእን እዩ።
8 ስሩ ኣብ ምድሪ እንተ ኣረገ፡ ጒንዱ ኣብ መሬት እንተ ሞተ፡
9 ብጠሊ ማይ ይጥጥዕ፡ ከም ሓድሽ ተኽሊ ኈይኑ፡ ጨናፍር ይገብር።
10 ሰብ ግና ይመውት እሞ ወዲቑ ይተርፍ፡ ሰብ እስትንፋሱ እንድሕሪ ሓሊፋስ፡ ኣበይከ ኣሎ?
11 ካብ ባሕርስ ማያት ከም ዚፈስስ፡ ርባውን ከም ዚነጽፍን ዚደርቕን፡
12 ሰብ ከኣ ከምኡ ደቂሱ ኣይትንስእን፡ ሰማያት ክሳዕ ዚሓልፍ ከቶ ኣይነቅሕን፡ ካብ ድቃስ
ኣይበራበርን።
13 ኣየ፡ ቍጥዓኻ ኽሳዕ ዚሓልፍሲ፡ እንተ ትስውረኒ፡ ኣብ ሲኦል እንተ ትሓብኣኒ፡ መዓልቲ ቈጸራ እንተ
ትውስነለይ እሞ፡ ብድሕሪኡ እንተ ትዝክረኒ።
14 ሰብ ድሕሪ ሞይቱ መሊሱዶ ህያው ኪኸውን እዩ? ምብራየይ ክሳዕ ዚመጽእ፡ ዘመን ሰልፈይ ኲሉ
ምተጸቤኹ።
15 ንስኻ ምጸዋዕካኒ፡ ኣነውን ምመለስኩልካ ነይረ፡ ነቲ ተግባር ኢድካ ምናፈቕካዮ ኔርካ።

# 1ይ ቆሮንቶስ 15

50 ግናኸ፡ ኣሕዋተየ፡ ስጋን ደምን መንግስቲ ኣምላኽ ኪወርስ ከም ዘይከኣሎ፡ እቲ ሓላፊ ድማ ነቲ
ዘይሓልፍ ከም ዘይወርሶ፡ እብለኩም ኣሎኹ።
51 እንሆ፡ ምስጢር እነግረኩም ኣሎኹ፡ ኲላትና ኽንልወጥ እምበር፡ ኲላትና ኣይክንድቅስን ኢና፡
52 ብሓንሳእ፡ ብቕጽበት ዓይኒ፡ በቲ ናይ ድሕሪ ኹሉ መለኸት፡ እቲ መለኸት ኪንፋሕ እዩ እሞ፡ እቶም
ምዉታት ድማ ብዘይሓልፍ ኪትንስኡ እዮም፡ ንሕናውን ክንልወጥ ኢና።
53 ማለት፡ እዚ ሓላፊ ዘይሓልፍ ኪለብስ ይግብኦ እዩ እሞ፡ እዚ መዋቲ ኸኣ ዘይመውት ኪለብስ እዩ።
54 እዚ ሓላፊ ዘይሓልፍ ምስ ለበሰ፡ እዚ መዋቲውን ዘይመውት ምስ ለበሰ፡ ሽዑ እቲ ጽሑፍ፡ ሞት
ብዓወት ተዋሕጠ፡ ዝበሎ ቓል ኪፍጸም እዩ።
55 ዎ ሞት፡ ኣበይ ኣሎ ብልሕኻ፧ ኣታ ሲኦልከ፡ ኣበይ ኣሎ ዓወትካ፧
56 ብልሒ ሞት ሓጢኣት እዩ፡ ሓይሊ ሓጢኣትውን ሕጊ እዩ።
57 ግናኸ ነቲ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ገይሩ ዓወት ዚህበና ኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ።

# ሉቃስ 17

20-21 ፈሪሳውያን፥ መንግስቲ ኣምላኽ ምኣዝ ትመጽእ፧ ኢሎም ምስ ሓተትዎ ኸኣ፡ ንሱ፥ መንግስቲ
ኣምላኽ እንሃ፡ ኣብ ውሽጥኹም ኣላ እሞ፡ መንግስቲ ኣምላኽሲ ብምትሕልላው ኣይትመጽእን እያ፡
እንሃ ኣብዚ ወይስ ኣብቲ ዚብላውን የልቦን፡ ኢሉ መለሰሎም።
22 ንደቀ መዛሙርቱ ኸኣ በሎም፥ ካብ መዓልትታት ወዲ ሰብ ሓንቲ ኽትርእዩ እትምነዩለን
መዓልትታት ከመጻ እየን፡ ኣይክትርእዩን ከኣ ኢኹም።
23-24 መብረቕ ካብቲ ሓደ ወሰን ሰማይ ክሳዕ እቲ ኻልእ ወሰን ሰማይ ከም ዚበርቕን ከም ዜብርህን፡
ከምኡ ኸኣ ወዲ ሰብ በታ መዓልቲ ኪኸውን እዩ እሞ፥ እንሆ ኣብዚ ወይስ እንሆ ኣብቲ ኣሎ፡
ኪብልኹም እዮም፡ ኣይትኺዱ ኣይትስዓብዎምን።
25 ቅድም ግና ብዙሕ ሓሳረ መከራ ኺጸግብ፡ በዚ ወለዶ እዚውን ኪነዓቕ ብግዲ እዩ።
26 ከምቲ ብዘመን ኖህ ዝኾነ፡ ብዘመን ወዲ ሰብውን ከምኡ ኪኸውን እዩ።

27 ክሳዕ እታ ኖህ ናብ መርከብ ዝኣተወላ መዓልቲ ይበልዑን ይሰትዩን የእትዉን የተኣታትውን
ነበሩ። ማይ ኣይሂ ድማ መጺ ንዅሎምውን ኣጥፍኤ።
28 ብዘመን ሎጥ ድማ ከምኡ ኾነ፥ ይበልዑን ይሰትዩን ይሸጡን ይሻየጡን ይተኽሉን ይሃንጹን
ነበሩ።
29 በታ ሎጥ ካብ ሶዶም ዝወጸላ መዓልቲ ድማ ካብ ሰማይ ሓውን ዲንን ወረደ፡ ንዅሉ ኸኣ
ኣጥፍኤ።
30 በታ ወዲ ሰብ ዚግለጸላ መዓልቲ ድማ ከምኡ ኪኸውን እዩ።
31 በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ደርቢ ዘሎ፡ ኣቓሑኡ ኸኣ ኣብ ቤት ዘለዎ ኺወስዶ ኢሉ ኣይውረድ። ኣብ
ወፍሪ ዘሎውን ንድሕሪት ኣይመለስ።
32 ንሰበይቲ ሎጥ ዘክርዋ።
33 ንህይወቱ ኼድሕና ዚደሊ ኼጥፍኣ እዩ፡ እቲ ዜጥፍኣ ግና ኬድሕና እዩ።